# MICHAEL  ADONAI & PAINTING

**(እዚ ጽሑፍ እዚ፣ካብቲ ስነ ጥበባዊ ሚካኤል ኣዶናይ ኣብ ፌስቲቫል ስቶኮልም 2007 ዝቐረቦ ንተመኩሩኡ ዝድህስስ ትረካ ዝተጸምቀ ኢዩ።)**

## ጽልዋታት ቁልዕነት

**ኣብ ስነ ጥበብ ብቐጻምነት ዝጸለወኒ ሰብ፥ ዓቢ ሓወይ ብርሃነ ኣዶናይ እዩ። እናሰርሐ ልበይ ኣውዲቑ ካብ ምዕዛብን ዝጥቀመሎም መሳርሒታት በእዳወይ ምትንካፍን ሰጊረ ዘዝገበራ ክቐድሕ ህርድግ ምባል ብህጻነይ ጀሚረዮ። ወዲ 8 ዓመት ኣቢለ እንከለኹ፥ ብርሃነ ኣብ ርእሲ'ቲ ሓደ ካብቶም ስም ኣብ ምንዳቕ ዝተዓወቱ ሰኣልቲ ኣስመራ ምንባሩ፥ ሓደ መዓልቲ ሰኣላይ ክኸውን ይክእል'ዩ ካብ ዝብል እምነቱ ብዘይ ምስልካይ ኣተባቢዑኒ። ከምቲ ልሙድ ኣገላልጻ "ሓመድ ዓይኒ ኣልዩ፥" ንስነ ጥበብ ዝኸውን ቀልብን ፍቕርን ኣብ ውሽጠይ ክስርጽ ዘክኣለ ብምኳኑ፥ ተመኩሮይ ኣብ ዝፍትሸሉ እዋን ጽልዋኡ ብቐጻምነት እሰርዖ።**




ናይ መጀመርታ 70ታት ቅብኣ ብርሃነ ኣዶናይ

እቲ ብካልኣይ ደረጃ ዝሰርዖ ጽልዋ፣ መባእታ ትምህርተይ ዝተኸታተልኩሉ ቤት ትምህርቲ ካምቦኒ እዩ። ስእሊ ከም ሓደ ርእሱ ዝኸኣለ ዓይነት ምህሮ (ሳብጀክት)፣ ኣብ መደባት እቲው ብምንባሩ፣ ነቲ ኣብ ገዛይ ዝረኽቦ ዝነበርኩ ጽልዋን ምትብባዕን ዘርጕድ ኣጋጣሚ ኮይኑለይ። ብሳላ'ዞም ክልተ ጸለውቲ ኩነታት፣ ብጀካ'ቲ ከም ርሳስን ንድፍን ሕብረ ዘይትን ቅብኣን፣ መጠንን ጽባቐን ዝመሰሉ መሰረታውያን መሳርሒታትን ኣምራትን ስነ ጥበብ ምልላይ፣ ውሑዳት ናይ ገዛእ ባዕለይ ስእልታት ወረቐት ክዳሉ እህቅን ኔረ።

## ብራሽን ካላሽንን ጎድና-ጎድኒ

ድሕሪ'ቲ ብዕግርግር ኣስመራ ዝፍለጥ ኩነታት '75፣ ምስ ስድራይ ኣብ ዓላ ተዓቚብና። ዓላ፣ ሰፈር ተጋደልቲ እዩ። ወከልቲ ዜና ዝነበሩ፣ ስዉእ ኢብራሂም ዑመርን ዘካርያስን ክላለዮም ጊዜ ኣይወሰደለይን። ኢብራሂም (ሓንቲ ኢዱ ቈራጽ'ያ) ዝበዝሕ እዋን፣ ኣብ መንኩቡ ካሜራ ኣንጠልጢሉ ክንቀሳቐስ እዕዘቦ ብምንባረይ፣ ቅርበት ስእሊ ኢድን ካሜራን ኣብ ግምት ኣእትየ፣ ነቲ ምትብብባዕ ከባብየይ ዘይረከብኩሉ ኣሳእለይ ከርእዮ ወሲነ። ሓደ ረፍዲ ከኣ ሰለስተ ብሕብረ ማይ ዝዳለኩወን ኣሳእል ሒዘ ናብ ቦትኡ ከይደ። ምስ ዘካርያስ ብሓባር ጸኒሐሙኒ። ምኽንያት መምጽእየይ ከይገለጽኩ ከኣ፣ ነተን ብክቢ ዓኵሊለየን ዝነበርኩ ወረቓቕቲ ኣቐቢለዮም። ኣብ ገጾም

ኣድናቖት ምስ ረኣኩ፣ ብድፍረተይ ከየቓይሞም ዝነበረኒ ፍርሒ ቕንጥጥ ኢሉለይ። እናተበራረዩ ዘዝነቡለይ ሕቶታቶም ግን፣ ናብቲ ድርኾኹት ገዝኦም ክረግጽ እንከለኹ ዝነበርኩዎ ሻቕሎት መሊሱኒ። ነታ ካብ መጽሓፍ ቀዲሐ ዝሰኣልኩዋ ጻዓዳ ፈረስ ምስ ዒሉኣ፣ ባዕለይ ከም ዝሰኣልኩዋ ከረጋግጹ ብሕቶታት ኣዋጢሮሙኒ። ምናልባት ተደጋጋሚ እዋን ምስ ካልኣየይ ኣጣል እናኾብኰብኩ ብጐድኒ'ታ ብዚንጎታት ዝተሰርሐት ገዝኦም ክሓልፍ ኣቕሊቦሙለይ ብምንባሮም፣ “ሓላው'ጣል'የ፣ ብርሃነ ኣዶናይ ግን ዓቢ ሓወይ እዩ፣” ኢለዮም።

ምጕሳይ ኣጣልን ሓው ብርሃነ ምኗንን ሓድሕዱ ምልጋብ ዝሓርበቶ ዘካርያስ፣ ብሰሓቕ ተነክኒኩ። ኢብራሂም ግን ብዕድል ንብርሃነ ኣጸቢቑ ዝፈልጦ ኮይኑ ብምጽናሑ፣ (ኣብ ባቖስ 1976 ኣብ ሓደ ኣሃዱ እዮም ኔሮም።) ከምኡ ክብል ዝደረኸኒ ምክንያት ቀልጢፉ ቈሊቡኒ። ድሕሪ'ዛ ኣጋጣሚ'ዚኣ፣ ናብ ቦታኦም ምምልላስ ለሚደ።እታ “ጻዕዳ ፈረስ ምስ ዒሉኣ”፣ ኣብቲ ብዚንጎ ዝቖመ መናድቕ ገዝኦም ሰቒሎም፣ ቦታኦም ንዝተኣልየን ቀው ኢሉ ክጥምታ ንዘቕለቡሉን ተጋዳላይ፣ ከም “ሰኣላይ” ከላልዩኒ ጀሚሮም።

ኢብራሂም፣ ሓምለ 1977 ናብ መጥቃዕቲ ምሕራር ከተማ ደቀምሓረ ቅድሚ ምንቃሉ፣ “ሕብርን መስኣሊ ወረቓቕትን ክማልኣልካ እየ፣” ክብለኒ እንከሎ፣ ናበየናይ “ድኳን” ከም ዘንቀለ ሕርብት ኢሉኒ ኔሩ። ድሕሪኡ ኣይተራኸብናን። ድሕሪ ምስላፈይ፣ ኣብ ውግእ ምሕራር ደቀምሓረ ከም ዝተሰውአ ኣራጋጊጸ። ወትሩ ግን፣ ካብቶም ቀዳሞት ዝተላለኩዎም ተጋደልቲ ብምኳኑ ጥራይ ዘይኮነ፣ ብለውሃቱን ዝልግሰለይ ብዝነበረ ፍናንን እዝክሮ። ምስ ዘካርያስ ዳግማይ ኣብ ሳሕል ተራኺብና። “ሓላው'ጣል ሰኣላይ፣” እናበለ ክጨርቀለይ ዝሰምዑ መዋዝዕተይ፣ ከም ‘ሳጓ’ ከጥብቑለይ ጽዒሮም፣ ምቕናዕ ምስ ኣበዮም፣ ጥቓ ጥቓኣ ክትኮነሎም “ሃለቃ” ኢሎሙኒ። ንገለ ሓጺር እዋን ከኣ መስመይተይ ሳጓ ኮይና ክትለግበኒ ተዓዊቶም።

መስከረም 1977 ኣብ መበል 14 ዓመት ዕድመይ እየ ተሰሊፈ። 6 ወርሒ ኣቢሉ ዝወሰደ “ታዕሊም ፌተውራሪ” ኣብ ኣጋ ምዝዛሙ፣ ብኣዘዝቲ ጋንታታትና፣ “ስእሊ ዝፈታትን እንተሎ” ተባሂልና ተሓቲትናስ፣ ካብታ ኣነ ዝነበርኩዋ ጋንታ ኣርባዕተ ሰባት መስኣሊ ወረቐት ተዓዲሉና። እቲ ስእሊ ንምንታይ ከም ዘድለየ ቕንጣብ ግምት ኣይነበረናን። ኩሉ ዓቕመይ ጸንቂቐ ግን ሓንቲ ስእሊ ንምሽቱ ኣጻፊፈ።

ተጋዳላይ ኣብ ልዕሊ ዝወደቐ ወተሃደር እግሩ ሰቒሉን ካላሽን ዝሓዘት የማነይቲ ቕልጽሙ ልዕሊ ርእሱ ሰፍ ኣቢሉን እተርኢ ስእለይ ንቐራቢየይ ስዉእ ኣለም ኣርእየዮ። “ጽብቕቲ፣ እቲ ኣብ ኣፍ ኣምሓራይ ጌርካዮ ዘለካ ጸሊም ርሳስ፣ ደም ሓሲብካዮ እንተሊካ ግን ኣይመሰለልካን፣” ኢሉኒ። ካብ ኩሉ ንዓኣ ነጺሉ ምቕላቡ ገሪሙኒ፣ ነታ ስእሊ ቀው ኢለ ጠሚተያ። ሓቁ እዩ። ኣዛዚ ጋንታና ቕድሚ ንተሽክል ምስራዕና ከነረክቦ ሓቢሩና እንተ ዘይነብር፣ ንዓኣ ቐዲደ ካልእ ምፍታን ምመረጽኩ።

ኣለም ካብ ልዕለይ ኣይተኣልየን። “ልክዕ ደም ክመስለልካ ትደሊዶ?” ኢሉ ሓቲቱኒ’ኒ እንተ ነበረ፡ ዝህቦ መልሲ ከይተጸበየ፡ ዓባይቶ ጻብዕቱን ወረቐተይን ብምልጋዑ “ጣዕ” ዝብል ድምጺ ሰሚዐ። ኣብ ታሕተዋይ ሽንክ ኣፍ ናይቲ ዝወደቐ ወተሃደር ከኣ ደም ዝመስል ሕብሪ ርኣየ። ካባይ ምሕድግ ኢሉን እናሰሓቐን ከኣ፡ “ቊማል’ዩ፡ ደም ዘለዎ ስእሊ እንተ ሓሲብካ ቊማልዶ ኣየለካን፡” ኣሉኒ። ነታ ብዓንተቦ ዘይተፈተወትኒ ስእሊ፡ መሊሱ ከም ዘበላሽወለይ ውድእ’የ ጌረዮ።

ኣብ ምእካብ ወረቓቕቲ ግን ሓደ ዘይተጸበኩዎ ነገር ኣንኒፉ። ኣዛዚ ጋንታና፡ ንዝርዝራትን ቁም ነገርን ናይታ ንከባቢ ሰለስተ ሰዓታት ዝደከምኩላ ስእሊ ጉስዩ፡ ቀይሕ ሕብሪ ካበይ ከም ዝረከብኩዎ ክፈልጥ ሓቲቱኒ። ፈለማ፡ “ኣለም ኣባላሽይለይ፡” ክብለ እየ ሓሲበ ኔረ። ሕቶኡ ምግራም’ምበር መግናሕቲ ከም ዘይነበረ ምስ’ቃለብኩ ግን፡ “ቊማል ብምቕታል” ዝተረክበ ሕብሪ ምዃኑ ነጊረዮ። ከም ሓደ ዓቢ ምህዞ ዝገበርኩ ምውዳሰይ ከይኣክሎ፡ ንመራሕቲ መሳርዕን ተዓለምትን፡ “ጉድ ክርእዩ” ኣብ ዙርያ’ታ ወረቐት ከም ዝዓስሉ ጌሩዎም። ድሕሪ ገለ ኣዋርሕ፡ ኣለም ምስ መራኸቢታት ዝተኣሳሰር ትምህርቲ ክወስድ ኣብ ፋሕ ተራኪብናስ፡ “ብሳላ ቐኊማለይ ሰኣላይ ኴንካ፡” ብምባል ተዋዚዩኒ።

## ትምህርቲ ስነ ጥበብ ኣብ ፋሕ

ታዕሊም ምስ ዛዘምና፡ ስዉእ ኣይነኣለም፡ ስዉእ ቴድሮስ፡ ስዉእ ሰለሙን፡ ስዉእ ስምኦንን ኣነን ዘለናዮ ካብ ቀዳመይትን ካልኣይትን ጋንታ፡ ስውእቲ ኣበባ ወልደሊባኖስን ጽጌረዳ ዮሃንስን ከኣ ካብ ጋንታ ደቀንስትዮ፡ ናብ ቤት ጽሕፈት ታዕሊም ብጻውዒት ኬድና። ሓደ ዕባራን ጉታንን ተጋዳላይ፡ ስነ ጥበብ ኣብ ቃልሲ ብዛዕባ ዘለዎ ቑም ነገር ኣስፊሑ ድሕሪ ምትንታን በቲ ዘርኣናዮ ኣተባባዒ ኣንፈ፡ ስነ ጥበብ ክንመሃር ከም ዝተሓረና ነጊሩና። እዚ ተጋዳላይ’ዚ፡ ብርሃነ ሓወይ ምዃኑ ክፈልጥ ሓያሎ ደቓይቕ ወሲዱለይ። ኣብ ውሽጢ ናይ ሰለስተ ዓመት ፍልልይ፡ ክንድኡ ዝኣክል ለውጢ ክገብር ኣይተጸበኩን ኔረ። ኣኬባ ድሕሪ ምውድኡ ከኣ ንሓጺር ዕላል፡ ብሕት ኢልና ኮፍ ኢልና።

ለካቲት 1978፡ እቶም ሸውዓተ ካብ ክፍሊ ታዕሊም ብሌቓት ናብቲ ኣሃዱ ዝተጸንበርና ሓደስቲ፡ ብሳላ’ቲ ምዉቕ ኣቀባብላ ገዳይም ተጋደልቲ ኣይተጋየሽናን። ኣብ ማእከሎም ብዕድመ መዛኑና ዝኮኑ ክልተ ፌተውራሪ ምስ ረኣና ዝያዳ ተተባቢዕና። ንሳቶም ተዓላሞ ናይታ ብ“ኮርስ ማርሳ ጉልቡብ” ዝፍለጡን ቀቅድሚና ናይ ዝተወዘዑን ኣባላት ብምንባሮም፡ ናብ ፋሕ ካብ ዝመጹ ገለ ሰለስተ ወርሒ ኣቢሎም ጌሮም ኔሮም። ስዉእ ብርሃነ ማንጁስን ደሞዝ ርእሶምን ከኣ እዮም።

ትምህርቲ ስነ-ጥበብ ብኡ ንብኡ ኢና ጀሚርናዮ። ክሳብ ምዝላቕ ኮይኑ (1979) ካብ ፋሕ ንግዕዝ ከኣ፡ ንዕምሪ ዝተርፍ መሰረት ክንሕዝ፡ ዓሚቑ ሓልዮት መምህራንናን ተገዳስነትናን ወሳኒ ኔሩ።

ትምህርትና፡ ዳርጋ ቐረብ ናውቲ ኣይነበሮን። ከም ልብና እንለማመደሉ መሳርሕስ ይትረፍ፡ ወረቐት'ውን እኹል ስለ ዘይነበረና፡ ኣብ ቤት ማሕተም ዝባከኑ ብዝባኖም ጽሕፈት ዝነበሮም ወረቓቕቲ፡ ካልእ እዋን'ውን ሕንጻጻት ርሳስ ብግቡእ ዘይቕበል መዕሸጊ ጸባ ሳልሳይ ዓለም፡ ክንምልእ ንግደድ ኔርና።

ትምህርቲ እናተካየደ፡ ሓደ ስምዒት ኣብ መንጎ ተመሃሮ ክግንፍል ጊዜ ኣይወሰደን። እቲ ስምዒት ከኣ ዕላማን ቁም ነገርን ስነ ጥበብ ካብ ዘይምርዳእ ዘይኮነ፡ ምስ 'ቶም ኣብ ፈቖዶ ዓውደ ውግኣት ኣንጻር ጸላኢ ዝዋግኡ ዝነበሩ መዛኑ ብምንጽጻር ዝተፈጥረ እዩ። ካብ ታዕሊም ማህሚመት ሓሙሽተ ሓደስቲ ምስ ተጸንበሩና ከኣ፡ "ክንጋደል'ምበር ክንስእል መኣስ መጺእና፡" ዝብል ስምዒት መሊሱ ዓብዩ። ድሕሪ ገለ ኣዋርሕ፡ ካብ ፊተውራሪ እቲ ንፉዕ ወቓዕ ክራር  ስዉእ ብርሃነ ማንጁስ፡ስዉእ ስምኦንን ስዉእ ሰለሙንን ሰለስተ ከኣ ካብ ማህሚመት ዝመጹ ( ስዉእ ሰገድ፡ ሙሊጌታ፡ስዉእ ወልደገብርኤል) ኣባላትን ኣብ እዋን ኵነታት ባረንቱ ናብ ተዋጋኢ ሰራዊት ተወዚዖም።

ኣቐዲሙ ምጡን ተገዳስነትን ጽልዋን'ኳ እንተ ነበረኒ፡ ነቲ ናይ ሽዑ እዋን ደረጃን ዕምቈትን ዘጠቓለለ ትምህርቲ ስነ ጥበብ ጕኒፉኒ ይፈልጥ ኣይነበረን። መማጽእትና በብሓደ ገዲፎሙና ምስ ምካዶም ዝሓደረና ስምዒት ጸቒጥና ብተገዳስነት ንከታተሎ ከም ዝነበርና ከኣ እዝክር። ሌላ ምስ ዝተፈላለዩ መሳርሒታት፡ (ተረከብቲ ብዘይ ምንባሮም፡ ክንፈልጦም'ምበር ክንለማመዶም ዝክኣል ኣይነበረን።) ኣጠቓቕማ ሕብረ ዘይትን ማይን፡ ታሪክ ስነ ጥበብን ኣገደስቲ ስነ ጥበባውያንን፡ ስነ ጥበብ ብመንጽር ሰውራዊ ስነ ሓሳብ፡ ዝተፈላለዩ ብተግባር ዝዕየዩ ልምዳውያን ኣገባባት (መጠን፡ ኣናቶሚ፡ ቅርጺ-መሬት፡ ስቲል ላይፍ፡ ፐርስፔክቲቭ፡ ክልሰ ሓሳብ ሕብሪ .... ወዘተ.) ገለ ካብቶም ዝቐሰምናዮም ዓይነታት ትምህርቲ እዮም። ኣቐዲሙ ብዝተጠቕሰ ጸላዊ ኩነታት፡ ትምህርቲ ጀማሪኡ'ምበር ኵልፈቱ ክትፈልጥ ዘይክኣል ይንበር እምበር፡ ብኣጠቓላሊ ትምህርቲ፡ ካብ ወርሒ 2/ 1978 ክሳብ መወዳእታ 1980 ሸፊኑ።

## ዓመተ ሰብዓን ትሽዓተን ምስ ሰማንያ

ዓመተ ሰብዓን ትሽዓተንን ሰማንያንን ብክልተ ምክንያት ኣብ ተመኵሮይ ኣገደስቲ ዓመታት'የን። ኣብ ምዝላቕ፡ ካብ ፋሕ ናብ ላዕላይ ኣራግ ግዒዝና ኣብ እግሪ ዓበይቲ ዓላታት ክልተ ቴንዳታት ብምትካል፡ (ሓንቲ ከም ስቱድዮ እታ ካልኣይቲ ከኣ ከም መክዘን) ንጥፈታትና ክንቅጽል ጊዜ ኣይወሰደልናን። ብሰንኪ ደብዳብ፡ ንስቱድዮና (ቴንዳ) ገዲፍና ኣብ ጸግዒ ጎቦታት ምውዓልን

ምስራሕን ከኣ ልሙድ ተግባር ኮይኑ። ሓምለ 1979 ግን እቲ ንጥፈታት ናብ ግንባር ብምክታትና ተቛሪጹ።




“ስትድዮ ኣራግ-1979” ብፍስሃየ ዘሚካኤል

## ቀዳመይቲ ውግእ

1979 ኣብ ተመኩሮይ ኣገዳሲ ዝገብራ ጉዳይ፣ ኣብ ዓውደ ውግእ ንመጀመርታ ጊዜይ ዝተሳተፍኩላ ዓመት ብምኳና እያ። ንጅግንነትን ተወፋይነትን ተጋደልቲ፣ ንምረትን ሓይልን መስዋእቲ ብገዛእ ኣዒንትካ ምምስካር፣ ኣብ ዕዮ ስነ ጥበብ ብሓፈሻን ኣብ ፈጠራዊ ስራሕ ከኣ ብፍላይ ዝህልዎ ድርኪት፣ ብርግጽ ዓቢ እዩ። ኣብ መንጎ’ቶም ካብ ዕላላት ንዝምንጭዉ ስእለ ኣእምሮ (Imagination) ውግእን ብኣካል ብምስታፍ እተዋህልሎ ፍልጠትን፣ ኣመና ገፊሕ ፍልልይ ክትረክበሎም ባህርያዊ እዩ። ከም ኩሎም ሰኣልቲ ናይቲ እዋን’ቲ ድሕሪ’ዛ ተመኩሮ ዝሰዓቡ ስራሓተይ ብቐጥታ ይኩን ብተዘዋዋሪ ምስ ውግእን ውጽኢቱን ዝተቛረኑ ኮይኖም።

## ቀዳመይቲ ስእለይ

ክሳብ 1980 ብሰንኪ ዋሕዲ መሳርሒታት፣ ዝቐሰምናዮ ትምህርቲ ኣብ ተግባር ዝፍትን ስራሓት ገና ኣይጀመርናን - ተመሃሮ። ነፍሲ ወከፍ ትፈሪ ስራሕ፣ ብኢድ ክኢላ ሓሊፉ ገለ መልእኽቲ ኣብ ምስጋር እጃም ክህልዋ ኔሩዎ። ንፈተነ ዝባክን ትሕዞ ጥራሽ ኣይነበረን። ኣብቲ እዋን’ቲ፣ ተሓዝ ንብረት፣ ማቴዎስ መርሃጼን ኣብ መቓን ዝተገተረ ዓለባ፣ ብልቃጥ ሕብረ ዘይቲ ምስ መቃጠኒታቱን ብራሻቱን ክወስድ ናብ መክዘን ክመጾ ምስ ነገረኒ ክኣምን ኣይከኣልኩን። ሽዑ ዝተሰምዓኒ ሓጐስ ክገልጾ ኣመና ከቢድ’ዩ። ካብቲ ስምዒት’ቲ ዘይንእስ ካልእ ወጥሪ ግን ንእለቱ ውትፍ ኢሉኒ። እዛ ድሕሪ ክንደይ ትጽቢት ዝረከብክዋ ዕድል፣ በየኒኡ ትሕዝቶን ብከመይ ኣገባብን ከድምዓላ ከም ዝክእል ክውስን ንመዓልታት ተማቲአ።

*ንግንባራት ሰሜናዊ ምብራ`ቕ ተጐዝጒዙ ዝተደኰነ መዓስከርና፣ ድፋዓት ዘሊሎም ብዝውንጨፉን ንደጀን ዕላማ ብዝገበሩን ዳርባ ከቢድ ብረት ብሓደ ወገን፣ ብዘይ ዕረፍቲ ብዝዝንብያን ብዝድብድባን ነፈርቲ ኲናትን ከኣ ብካልእ ወገን፣ ቅሳነቱ ክሉእ’ዩ። ዝኮነ ይኩን ሰኣላይ - ምኩር ይኩን ተልመዴን - እዚ ሃዋህው’ዚ ኣእምሮኡ ሰሪቑ ምንጪ ፈጠራዊ ስራሑ ክከውን ንቡር’ዩ።*




“*ኣደን ህጻንን*” 1980

*ኣብ ሜዳ ዘፍረኩዋ ቐዳመይቲ ስእለይ፣ ከም ተልመዴን መጠን፣ ብዓ`ቕመይ ክመልኮ ዝክእል ቀሊል ትሕዝቶን ኣቀራርባን’የ ሓርየላ። ስለዚ፣ “ኣደን ህጻንን” ብርግኣታን ትሕዞኣን ነቲ ከቢቡኒ ዝነበረ ርቡሽ ሃዋህው ዘይትውክል ትኩን’ምበር ነጸብራ`ቕ ከባቢየይ እያ። ቦታና፣ ብልምላሜኡን ምንጪ ማያቱን ብዙሓት ሰበክ ሳግም ዘዕርፉሉ፣ ዝሰጋገሩሉን እንሓንሳብ’ውን ንነውሕ ዝበለ እዋን ዝ`ቕመጡሉን ስፍራ እዩ። ቀንዲ ኣቓልቦይ፣ ኣብቲ ብፍ`ቕሪ ወላዲቱ ምልኣት ዝረከበ ህጻን’ዩ። ናቱን ናይ ተዓዘብቲ ኣዒንትን ተጋጢሞም፣ ዘሰጋግሩዎ መልእኽቲ ኣርጢብካ ንምፍላዩ ኣጸጋሚ ክከውን ይክእል’ዩ። ምናልባት ብመገዲ’ዛ ብዕለት 26/12/80 ዝዛዘምኩዋ ቅብኣን ኣዓ ንቲ’ዚ ህጻንን፣ ፍ`ቕርን ሓልዮትን ወላዲት፣ ኲናት ብዝፈጥሮ ዘይንቡር ኵነታት ከም ዘይምለክ ንምንጽብራ`ቕ ሓሲበ ጌረያ እከውን። እዛ ቐዳመይቲ ስራሐይ ኣብ ቤተ መዘክር ብምህላዋ፣ ሓያሎ ዓመታት ንድሕሪት መሊሳ እተዘካክረኒ `ቕብኣ ኮይናትለይ ኣላ።*




“**ቆልዑ ሳሕል**”1980

**“ቈልዑ ሳሕል” ዘርእስታ ስእለይ’ውን ካብ’ተን ቀዳሞት’ያ። ክሳብ ዕለተ ነጻነት ዘገልገለ መዓስከር ኣብ ታሕታይ ኣራግ ቅድሚ ምህናጽን ድሕሪኡ ዝሰዓበ ዓመትን ከኣ፡ ብደረጃ ብቕዓት ተልመዴን፡ ን“ቈልዑ ሳሕል” ን“ኣደን ህጻን”ን ዝመሰላ ቅብኣታት ምፍራይ ቀጺለዮ።ኣብቲ እዋን እቲ ብዝተፈላለዩ ስነ-ጥበባውያን ተጋደልቲ ዝፈረዩ ስራሓት ሕጂ ተመሊስካ ክትርእዮ እንከለካ፡ ዛንታ ገድሊ ኣብ ምምዝጋብ ገለ እጃም ከም ዘለዎ ዘይሰሓት ይኩን’በር፡ ንዓይ ከም ሰኣላይ 80ታት “እናሰራሕኩ ዝተዓለምኩሉ” መድረኽ’ዩ ኔሩ።**

## ካብ ’80ታት ንደሓር

**ብደረጃ ገድሊ ስርዓቱ ዝሓለወ ዝተማልአ ትሕተ ቕርጺ ኣብ ታሕታይ ኣራግ ምስ ሃነጽና፡ ረቒቕ ስነ ጥበብ ጕሉሕ ምዕባለ ኣርእዩ። ምክራዊ ደገፍ ምኩራት ሰኣልቲ ከይተፈለየና፡ ብርእሰ ተኣማንነት፡ ደሓን ዝኮኑ ቅብኣታት ምፍራይ ዝጀመርናሉ እዋናት ከኣ ሽዑ እዩ። ናይዚ እዋን ፍርያት ካብቶም ቅድሚኦም ዝነበሩ ዝፈልዮም ነገር እንተ ኔሩ ትሕዝቶ ዘይኮነ ኣቀራርባ እዩ። ንኣቀራርባን ትሕዝቶን ማዕረ ሚዛን እንሓንሳብ’ውን ንኣቀራርባ (ጽባቐ) ዝያዳ ዲል ዝህብ ኣመለካኽታ፡ ነቶም ክሳብ 30 ኣቢልና እንከውን ኣብ ሓደ 5X13 ሜትሮ ዝስፍሓቱ ትሕተ መሬት ስቱድዮ ንሰርሕ ዝነበርና ሰኣልቲ-ሜዳ ንቕድሚት ዝድርኽ መንፈስ ውድድር ከነተኣታቱ ሓጋዚ ኔሩ።በቲ ሽዑ እዋን**

ካብ ዘፍረክወን ቅብኣታት ብኣብነት ዝዝክራ፣"ቀያሕ መሶበይ" ዘርእስታ ሓጻር ልብ ወለዳዊት ጽሕፍተይ ምርኩስ ብምግባር ዝቐባእክዋ "ፊት ረሸንቲ" ኢያ።




"ፊት ረሸንቲ"1984

ብጀካ'ቲ ኣብ ውሽጥና ዘዐምበብናዮ ውድድር፣ ውድብ ህ.ግ እውን ዝህልዎ ደራኪ ሓይሊ ኣብ ግምት ብምእታው፣ ካብ ካርቱም ብዝመጹ ሱዳናውያን ስነ ጥበበ ታት ዝተመመየ ብዓይነቱ ንመጀመርታ ዝኮነ ሰፊሕ ውድድር ብ1986 ከም ዝካየድ ጌሩ። "ሓደስቲ ኣዒንቲ"ን "ኢዮቤልዩ"ን ብዝብላ ክልተ ናይ ሕብረ ዘይቲ ቕብኣታተይ፣ ቀዳማይ ተዓዋቲ ክከውን ብምብቃዐይ ዓቢ ፍናን ኮይኑኒ። እዚ ፍናን'ዚ ከኣ፣ ብርግጽ ነቶም ድሒረ ዘፍረኩዎም ስራሓት፣ ጸልዩዎም'ዩ።



”ሓደስቲ ኣዒንቲ”1985




”ኢዮቤልዩ”1986

## ተዛማዲ ጽልዋታት

ኣብ መፋርቕ ሰማንያታት፡ ንሜዳ ዝበጽሑን ንጥፈታት ስነ ጥበብ ዝተዓዘቡን ኣብ ወጻኢ ዝቕመጡ ኤርትራውያን፡ ኣገደስቲ መጻሕፍቲ ስነ ጥበብን መሳርሒታትን ብምውፋይ፡ ግፍሕ ዝበለ ደረት ትርኢት ከነማዕዱ ልዑል ተራ ተጻዊቶም’ዮም። ካብ ሱዳን ዝመጹ ዓበይቲ ስነ ጥበባውያን፡ ካብ ፊንላንድ ዝመጻእና ኣርቲስት ፊን ኣንደርሰን፡ ካልኦት ኣብ ስነ ጥበብ ዝግደሱ ምሁራትን፡ ነቲ ደረጃ ብደረጃ ከነተኣታትዎ ዝጸናሕና ለውጢ ኣብ ምጕልባት ዝሕግዙ ተመኩሮን ሓሳባትን ክንለዋወጥ ኣክኢሎሙና እዮም።

ቅብኣታት ሜዳ፡ ከም ኣካል ዕጥቅን ጕስጓስን ብረታዊ ቓልስና፡ ነቲ ዓንዲ ሕቆ ሰውራ ዝኮነ ሓፋሽ (ዝበዝሐ መሃይም) ዝቐንዐ ክውንነታዊ (Realistic) ስራሕ ምቕራብ፡ ቀንዲ ዋኒኑ ጌሩ እዩ ተሳልዩ። እዚ ንጹርን ቀጥታውን ኣቀራርባ፡ ነቲ ድሒሩ ዝሰዓበ ኣመለካኽታን ኣንፍን - ውሽጥካ ምፍታሽን ካልእ ፈጥራ ምምዕባልን ድልዱል ሰረት’ዩ ኮይኑዎ። ከም ውጽኢቱ ድማ፡ ብዙሓት ሰኣልቲ ቕድሚኡ ተራእዮም ዘይፈልጡን ዘይልሙዳትን ቅብኣታት ከዳልዉ ጀሚሮም። ኣብቲ እዋን’ቲ ዝፈታተንኩወን ኣብ ፈጠራዊ ዕዮታተይ ነባሪ ኣሰር ገዲፈን።




"ተስፋ" 1990

## *መጽናዕታዊ ዑደት ኣብ ድሕሪ መስመር*

እቲ ካልእ ኣገዳሲ ጽልዋ፡ ን12 ዓመታት ኣብ ሳሕል ድሕሪ ምጽናሕ፡ ብ1989 ኣብ ድሕሪ መስመር (በቲ ናይ ሽዑ ኣጸዋውዓ ደቡባዊ ምዕራብ ሰራዊ) ዘካየድናዮ መጽናዕታዊ ዑደት'ዩ። ትሕዝቶ ቅብኣታት ናይ ዝበዛሕና ሰኣልቲ ኣብ ምጽላው ከኣ ዓቢ እጃም ኔሩዎ።

ኣነ ዝነበርኩዋ ሰለስተ ሰኣልቲ ዝሓቘፈት ጕጅለ፡ ንትኩል (ወረዳ ዛይደኮሎም) ማእከል ብምግባር፡ ናብ የማነ ጸጋም ዝርከባ ዓድታት እናተዘዋወረት፡ ሓያሎ መጽናዕታዊ ንድፍታት ጌራ። ሽዑ፡ ነኣእምሮይ ብክልተ ነገራት ጸሚደዮ ምንባረይ እዝክር።

እቲ ሓደ፡ እዚ ዑደት'ዚ "ቀያሕ መሶበይ"ን "ፍርዲ ጎቦ ዓረይ"ን ዝበልኩወን ልብ ወለዳዊ ጽሑፋተይ (ኣብ ቀዳማይን ካልኣይን ውድድር ስነ ጽሑፍ ኣከታተለን ቀዳመይትን ካልኣይትን ዝወጻ) ድሕሪ ምድላወይ ዝተካየደ ብምንባሩ ኣብ ስነ ጽሑፍ ገለ ተገዳስነት ኣጥርየ ኔረ።

ኣብታ ዝዓረፍናላ ዓዲ (ትኩል)፡ብሚልሻ ስርናይ ኣብ ልዕሊ'ቶም መሃይምነት ንምጥፋእ ዝተዋፈሩ ተመሃሮ ቤት ትምህርቲ ሰውራ ዝተፈጸመ ሓደጋ ካብ ዝፍጸም ገለ ዓመታት ጌሩ'ኳ እንተ ነበረ፡ ነቲ ዘሕዝን ፍጻሜ ዝገልጹ ዕላላት ብውዑያቶም'ዮም ጸኒሖሙና። ብድሕሪኡ'ውን እንተ ኮነ እቲ ተጻብኦን ቃጻን ኣየቋረጸን። ከም ሓደ ካብ ሳሕል ንከበሳ ፋልማዩ ዝወጸ ተጋዳላይ መጠን ከኣ፡ ንምፍታሑ ዐቕብ ዝኮነኒ ግድል ንብምሉኡ ውኖይ

ተቜጻጺሩዎ ኔሩ። “ብሚልሻ ስርናይ” ዝፍለጡ፣ ብረት ጸላኢ ዝዓጠቑ ውሑዳት ኤርትራውያን ሓረስቶት ኣብቲ ከባቢ ዘውርዱዎ ዝነበሩ ጒድኣት ካብ ኣፍ ብዙሓት ሰሚዐ። “ስለምንታይ?” እትብል ሕቶ ክምልስ ዘምጽኣኒ ዋኒን ናብ ምርሳዑ ገጸይ ዘምቢለ። ን“ሚልሻ ስርናይ ቆሓይን” ምርኩስ ዝገበረት “መሳኹቲ ማይ ምነ” ንእትብል መጽሓፍ ንምድላው ከኣ፣ ዝበዝሐ ጊዜይ ሓበሬታታት ኣብ ምእካብ ኣሕሊፈዮ።




መሳኩቲ ማይ ምነ

እቲ ካልኣይ ድማ፣ ኣብ ብዙሓት ኣብያተ ክርስቲያናት፣ ቅብኣታት መናድ̈ቕን ናሕስን ምስ ረኣኩ ዝሓደረኒ ተምሳጥ’ዩ። እዚ ብልምዲ ብ“Coptic Art” ዝፍለጥ ሓይል ጽልዋ ፓይዛንታይን ቅዲ ዘለዎ ̈ቕብኣ ቤተ መ̈ቕደስ፣ ብቜልዓይ እንከለኹ እርእዮ’ኳ እንተ ነበርኩ፣ ኣብዚ ካልኣይ ጐንፊ ግን፣ ኣብ ስነ ጥበብ ገለ ዓመታት ጌረን ንነፍሰይ ከም ሰኣላይ ቈጺረን ብዕምቈት ኣስተማቒረዮ። ብሕብረ ማይ ቀጥታዊ ̈ቕዳሕ ንምትራፍ ከኣ፣ ቅብኣታት ከም ዘለዎም ንዝተሓበሩኒ ኣብያተ ክርስቲያናት ካብ ዓዲ ናብ ዓዲ እናተንቀሳቐስኩ በጺሐዮም። እዚ ተመኵሮ’ዚ ነቶም ድሕሪ ናጽነት ዘፍረኩዎም ቅብኣታት ኣጸቢቑ ጸልዩዎም።




“ሰለስተ መልኣኽቲ” ብብርሃነ ኣዶናይ

## ድሕረ ነጻነት

ከም ተመኲሮይ፡ ነጻነት ኑቲ ብባህሪኡ ውልቃዊ ጻዕርን ተበላሓትነትን ዝሓትት ዓውዲ፡ ባብ ዘርሑ ዓቢ ክስተት’ዩ። ኣብ ሜዳ፡ “ከምዚ ግበር፡ ከምዚ ኣይትግበር!” ዝብሉ ድንጉጋት መምርሒ’ኳ እንተ ዘይነበሩ፡ ነፍስ ወከፍ ሰኣላይ ካብ ዊንታኡ ንላዕሊ ዊንታ ብዙሓት ኣቐዲሙ ዝዓዪ በዓል ተልእኾ እዩ። ድሕሪ ምዝዛም ብረታዊ ቓልስን ብስራት ነጻነትን ግን፡ እቲ ውሁብን ሓባራውን ተልእኾ ቐባእቲ ኣብ ቦትኡ ኳ እንተሃለወ ካልእ ተልእኾ ክድርብ ባህርያዊ እዩ።

ብዛዕባ ሓድሽ ሓሳባትን ቅድታትን ምትኳር እምበኣር ናይ ኩሉ’ቲ “ብራሹ ክንዲ ካላሽን” ቈጺሩ፣ ኣብ ዕማም ጸረ መግዛእቲ ተጸሚዱ ናይ ዝጸንሐ ሰኣላይ ዋኒን ክከውን ነጻነት ዝፈጠሮ መስተርሆት ወሳኒ እዩ።

ኣብ መጽናዕታዊ ዑደት 1989 ዝሓደረኒ ተምሳጥ ተኰልኲለ እየ ኣስመራ ኣትየ። ኣብ መወዳእታኡ፣ ቀንዲ ቑም ነገር ሐደ ስነ ጥበባዊ፣ ገለ ሓድሽን ናተይን ዝብሎ ነገር ኣብ ምጽንባር ስለ ዝዓስል፣ ነቲ ኣብ ሜዳ ዝተዓ ለምኩዎን ነዊሕ ዝሰራሕኩሉን ክዉንነታዊ ስራሕ ምፍራይ እናቐጸልኩ፣ ሳላ ነጻነት ኣብ ዝተፈላለዩ ቦታታት ብምካድ ንቕባኣታት “Coptic Art” ብዕምቈት ተረዲአ ገለ ነገር ንክፍትን ምዕዛብን ምጽንናዕን ቀጺለዮ።

እቶም ድሕሪ ናጽነት ዝሰራሕኩዎም፣ ቀዳሞት ቅብኣታት ካብ ክዉንነታዊ ኣቀራርባ ብዙሕ ፍልልይ ኣይነበሮምን።

ድሒረ ዝገበርኩዎም ስራሓት ግን፣ ኣብ ሕብርን ቅርጽን ዝያዳ ውዕዉዓት ኮይኖም ኣብ ቅዶም ከኣ ካብ ክዉንነታዊ ስራሕ ዝተፈንተቱ እዮም።